# ናይ መንእሰይ ኣገልግሎት እንታይ እዩ?

## ኣብ ኣውስትራሊያ ውሽጢ ብዛዕባ ናይ መንእሰይ ኣገልግሎት ስድራታት ብዝበለፀ ንክፈልጡ ዝወጸ መምርሒ እዩ

### መእተዊ

እዚ ንእሽቶ መጽሓፍ ናብ ኣውስትራሊያ ንዝመጹ ስድራታት ተባሂሉ ዝተዳለወ ክኸውን እንተሎ ብዛዕባ ናይ መንእሰይ ኣገልግሎት ሥራሕ ኣካይዳ ብዝበለፀ ክርድኦምን ብኸመይ ጌርካ ምስ መንእሰያት ምሥራሕ ከምትኽእል ሓበሬታ ብምሃብ ይሕግዝ እዩ።

ሓደ ሓደ ሰባት ብዛዕባ መንእሰይ ሠራሕተኛ ምንባር ኣይፈልጡን ይኸውን፤ ካልኦት ሰባት'ድማ እንታይ ከምዝሠርሑ ዘይምፍላጥ ይኽኣል፣ ወይካዓ ንውላዶምን ስድርኦምን ብኸመይ ከምዝሕግዙ ኣይፈልጡን ይኾኑ እዮም። ኣብዚ ንእሽቶ መጽሓፍ ውሽጢ ዘሎ ሓበሬታ ኣብ ኣውስትራሊያ ብዛዕባ ናይ መንእሰይ ሠራሕተኛታት ጥቕሚን ናይ መንእሰይ ኣገልግሎት እቲ ስድራ ክፈልጥ ይሕግዝ እዩ።

### 'መንእሰይ' ዝብል ቃል እንታይ እዩ?

እቲ መንእሰይ ዝብል ቃል ከምቲ ባህሊ ዝተፈላለየ ናይ ኣተረጓጉማ ሜላ ይነብሮ እሞ መንእሰያት ኣብዝዓብዩሉ እዋን ምስ ስድርኦምን ማሕበረሰቦም ውሽጢ ምኽንያት ከምዝፈላለ እዩ።

ብሓፈሽኡ ኣብ ኣውስትራሊያ ውሽጢ ዕድሚኦም ካብ 12 ካሳብ 25 ዓመት 'መንእሰይ' ይብሃል እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ዕድሚኦም ካብ 12 ክሳብ 18 ዓመት ንዝኾኑ 'ጎረምሳ/ግርዝውና' ክብሃል እንከሎ ከምኡ'ውን ዕድሚኦም ካብ 12 ካሳብ 25 ዓመት ዝኾኑ 'ብዕድመ ዝኣኸለ በጽሓ መንእሰይ' ይብሃል። ካብ ቁልዕነት ክሳብ ዝኣኸለ ሰብ ምኽንያት ንዘሎ ዝተፈላለዩ ዕቤት ደረጃታት ንምግላፅ ነዞም ቃላት ንጥቀም ኢና።

'ንመንእሰይ' ኣገልግሎታት፣ ፕሮግራማት ወይካዓ ምንቅስቓሳት ብፍላይ ዕድሚኦም ካብ 12 ክሳብ 25 ዓመት ንዝኾኑ መንእሰያት ዝዳለው ግልጋሎት ይኸውን።




### መን እዩም ናይ መንእሰያት ሠራሕተኛታት?

ኣብ ኣውስትራሊያ ዘሎ ናይ መንእሰይ ሠራሕተኛታት ንመንእሰያት ንምሕጋዝ ልምዲን ክእለትን ስለዘለዎም እሞ በዘየስግእ መገዲ ናይ መዘናግዒ ምንቅስቓሳት የዳልዉ እዮም። እዚ'ውን 'ንዝተፀገሙ' መንእሰያትን ስድራታት ጥራይ ኣይኾነን።

ንመንእሰይ ሠራሕተኛታት መጸውዒ ካልእ ኣርእስትታት ክነብሮ ይካኣል እዚ'ውን ከም 'ኣማኻሪ'፣ 'ናይ መንእሰይ ሓለዋ ጥዕና ሠራሕተኛ'፣ 'ናይ ማሕበራዊ ሠራሕተኛ' ወይካዓ 'ናይ ማሕበረሰብ ልምዓት ሠራሕተኛ' ዘካተተ ይኸውን።

### ናይ መንእሰያት ፕሮግራማትን ኣገልግሎታት እንታይ እዮም?

ኣብ ኣውስትራሊያ ውሽጢ ንስድራታትን መንእሰያት ዝሕግዙ ብዙሓት ውድባት ኣለዉ። ብፍላይ ንመንእሰያት ንምሕጋዝ ሓዲ ሓዲኦም ናይ መንእሰይ ሠራሕተኛ ይቖፅሩ እዮም።

ብፍላይ ንመንእሰያት ኣገልግሎት ወይካዓ ፕሮግራማት በዚ ዝስዕብ ክቐርብ ይኽእል እዩ:

- ብቤት ትምህርቲ ወይካዓ ብቴፍ/TAFE
- ብከባቢ ቤት ምኽሪታት
- ብቤተክርስቲያን፣ መስጊድ፣ ቤተመቅደስ ወይካዓ ኣብ ካልእ ፀሎት ዝግበረሉ ቦታታት
- ብማይግራንት/ስደተኛ ኣገልግሎት (ንኣብነት ኣብ ማይግራንት መገልገሊ ማእከላት)
- ብማሕበረሰብ ሓለዋ ጥዕና ማእከላት
- ብማሕበረሰብ ማእከላት
- ኣብ ማሕበረሰብ ሕጋዊ ዝኾነ ማእከላት
- ብመንእሰይ መንበሪ ገዛ ኣገልግሎታት
- ብሠራሕተኛን ቆፃሪ ኣገልግሎታት
- ብኣካለ ስንኩል ኣገልግሎታት

### ስለምንታይ መንእሰይ ኣገልግሎት ይህልው?

ዕድሚኦም ካብ 12 ክሳብ 25 ዓመት ኣብዘሎ እዋን መንእሰያት ካብ ቁልዕነት ክሳብ ዝበጽሑ ብዙሕ ናይ ዕቤት ደረጃታት የርእዩ እዮም። እሞ በዘን ዓመታት ውሽጢ ድሌት መንእሰያት ከም ቁልዕነት ወይኻዓ ኣበይቲ ሰባት ስለዘይኾነ ተወሳኺ ሓገዝ ከድልዮም ይኽእል እዩ። እዚ ሓገዝ ብፍላይ ኣብቐረባ ግዜ ናብ ኣውስትራሊያ ንዝመጹ መንእሰያት ይኸውን። ብዙሕ መንእሰያት ኣብገዝኦም ዘጋጥሞምን ካብ ዓርኽቶም ወይካዓ ካብ ቤት ትምህርቲ ዝረኽብዎ ኣዛሚድካ ሚዛናዊ ዝኾነ ምፍትሒ ንምውሳድ የጽግሞም እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ብሕታዊነት ክስምኦም ይኽእል ከምኡ'ውን ቅድሚ ሕጂ ብዝነበሮም ፀገማት ዝሕግዞም ስለዘየለ እዩ።

centre for multicultural youth issues

## ናይ መንእሰይ ኣገልግሎታትን ሠራሕተኛታት ዘለዎም ጥቕሚ እንታይ እዩ?

ንመንእሰያትን ስድራታት ንምሕጋዝ ብዝብል ናይ መንእሰይ ኣገልግሎት ሠራሕተኛታት ኣለው እዮም። ጋሻ ኾይንካ ኣብ ኣውስትራሊያ ናብራኻ ክተስተኻኽል ፀገም ክኸውን ይኽእል ከምኡ'ውን ቛንቛ ዘይምፍላጥን ዝተፈለየ ናብራ ኣብዘለዎ ሃገር እሞ ብዛዕባ ሓዱሽ ናይ ትምህርቲ፣ ናይ ሥራሕን ናይ ሓለዋ ጥዕና ኣሠራርሓ ኩነታ ምዝርራብ ኣፀጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ንኣውስትራሊያ ሓደሽቲ ዝኾኑ እሞ ስድራ እንተሃለይዎም በዚ ዝስዕብ ሓደ ሓደ ልምዲታት ክጠቓለል ይኽእል:

- ውላድኩም ኣብ ገዛ ውሽጢ ኩፍ ካብምባል ብዝበለፀ ግዜ ምስ ዓርኽቲ ምጽናሕ ይደልዩ;
- ውላድካ እንታይ ክምዝደሊ ፍሉይ ዝበለ ኣታሓሳስባ ይነብረኻ፡ ንኣብነት ብዛዕባ ዝምድና ወይካ ሓዳር ምግባር;
- ኣብ ስድራ ውሽጢ ሓዱሽ ሓዳር ክምስረትን ከምኡ'ውን ብዝኾነ ምክንያት ተፈላለዮም ጸኒሖም ከምሓዲሽ ክፋለጡ እንከሎ;
- ናይ መንእሰይ ሠራሕተኛታት በዞም ሓደ ሓደ ጉዳያት ብዝተዛመደ ንመንእሰይን ስድራታት ምሕጋዝ ይኽእሉ እዮም። ምሕጋዝ እንተዘይኺኢሎም መብዛሕትኡ ግዜ ክሕግዙ ናብ ዝኽእሉ ሰባት ደሊዮም የራኽቡ እዮም።

ብዛዕባ ገንዘብ ወይኻዓ ቤት ትምህርቲ ምኻድ ወይኻዓ ሥራሕ ንምድላይ ዘይምስስምማዕ ትኽእሉ ኢኹም።

## እንታይ ዓይነት ኢየን ኢዘን ዝተፈላለያ ናይ መንእሰይ ፕሮግራማትን ኣገልግሎታትን?

መንእሰያት ብዙሕ ዓይነት ፕሮግራማትን ኣገልግሎታት ኣለዎም። ብናይ መንእሰይ ፕሮግራማት ብዙሕግዘ መንእሰያት ብጉጅለ ኾይኖም ናይ ምንቅስቓስ ተሳትፎ ንምግባር ዝህቡሉ ይኸውን።

ካብቶም ፕሮግራማት ወይኻዓ ምንቅስቓሳት ሓደ ሓደ ማሳለታት ኣብዚ ክምዝስዕብ ይኸውን:

- ናይ ገዛ ሥራሕ ጉጅለ ወይኻዓ ክለብ (ንኣብነት፥ ምስ ቤት ትምህርቲ ሥራሕቲ ዘራኽብ ብናይ ዩኒቨርስቲ መምሃራን/ቱቶር ሓገዝ ምርኻብ)
- ናይ ሥራሕን ቆፃሪ ፕሮግራማት (ንኣብነት፥ ዝኽፈሎ ሥራሕ ወይኻዓ ንሥራሕ ልምዲ ክተዳልይ፣ ናይ ሕይወት ታሪኽ ብጽሑፍ ንምድላው/resume or CV)
- ድሕሪ ትምህርት ምንቅስቓሳት (ንኣብነት፥ ስፖርት ወይኻዓ ናይ ጌጻጌጽ ሥራሕ)
- ናይ መዘናግዒ ፕሮግራማት (ንኣብነት፥ ባሕላዊ ወይኻዓ ዘመናዊ ዝኾነ ዳንሲ ሳዕስዒት)
- ናይ ስፖርት ፕሮግራማት (ንኣብነት፥ ባስኬትቦል፣ ናይ እግሪ ኳዕሶ፣ ምሕምባስ)
- ኣብ ቤት ትምህርቲ እረፍቲ ግዘ ምንቅስቓሳት (ንኣብነት፥ ናብ ሲኒማ ምኻድ፣ ናይ ፍሉይ ቦታ መዕቆቢ ኣራዊት በርኺ እንስሳት ምጉብናይ፣ ወይኻዓ ብእረፍት ጊዜ ናብ ሰፈራ/ካምፕ ምኻድ)
- ኣመራርሓ ብምሃብ ሓበሬታ ውሃቢ ምዃን፣ ከምኡ'ውን ካልኦት ናይ ስልጠና ፕሮግራማት (ንኣብነት፥ ብኣኼባ ናይ ምዝራብ ክእለት ትምህርቲ)
- ናይ መንእሰይ ጉጅለ ፕሮግራማት (ንኣብነት፥ ንባዕልኺ ልዑል ግምት ምሃብ፣ መንነትካን ባሕሊኻን ምጥንኻር)

## ሱልታን/Sultan

ሱልታን ናብ ኣውስትራሊያ ብስደት ዝመጸት ክትኸውን እንከላ ኣብ ቤት ትምህርቲ ውሽጢ ሓደ ናይ መንእሰይ ሠራሕተኛ ነዛ ተማሃረይቲ ንምሕጋዝ ሓተታ። እዚ'ውን እዛ ተማሃረይቲ ካብ ክፍሊ ምትራፍ ክትጅምር እንከላ እቶም መማሃራን ብዛዕባዓ ስለተጨነቑ እዩ።

እቲ ናይ መንእሰይ ሠራሕተኛ ምስ ሱልታን ተራኺቦም ኣብ ኣውስትራሊያ ናብራ ክምዝኸበዳ ፈለጡ እሞ ንቤት ትምህርት ዝኸውን መጽሓፍቲ መግዝኢ ሓገዝ ክምዘድልያን ናይ ገዛ ሥራሕ እውን ንምሥራሕ ስለዝኸበዳ እዩ። ስለዚ እቲ ናይ መንእሰይ ሠራሕተኛ ኣብ ቤት ትምህርቲ ውሽጥ ብዝርኸብ ናይ ገዛ ሥራሕ ክለብ በብሰሙን ክምትኸይድ ሓሳብ ብምሃብ ከምኡ'ውን ንቤት ትምህርት ዝኸውን መጽሓፍቲ መግዝኢ ሓገዝ ክምዘድልያ ርእይቶ ኣቕረበ።

ሱልታን ብናይ መንእሰይ ሠራሕተኛ ብዛዕባ ምርኣይ ጉዳይን ከምኡ'ውን ካብ ትምህርቲ ወፃኢ ብዘሎ ምንቅስቓሳት ውሽጢ ምስታፍ ዝምልከት ስድርኣ ርግጸኛታት ኣይነበራን፣ ናይዚ ምኽንያት'እውን ሱልታን በኣይኑ ናይ ገዛ ሥራሕ ጉጅለ ክምትምደብ ስለዘይፈለጡ እዩ። ብድሕሪኡ ምስ መንእሰይ ሠራሕተኛ ተራኺቦም ንዘሎም ኣታሓሳሳቢ ጉዳያት ምዝራብ ክኣሉ። እሞ በቲ ናይ መንእሰይ ሠራሕተኛ ዝዳለው ግልጋሎት ብዝበለፀ ድሕሪ ምፍላጥ፣ ናይ ገዛ ሥራሕ ጉጅለ ብምዝታይ እንታይ ክምዝገበር ርእዮም ብድሕሪኡ ሱልታን ንምኻድ ክምትኽእል ተሰማሚዖም።

ሱልታን ኩልግዜ ብገዛ ሥራሕ ጉጅለ ስለትኸይድ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘለዋ ሥራሕ ተማሓይሹ ከምኡ'ውን ብዘይምቁራፅ ናብ ትምህርታ ትኸይድ ከምዘላ እዩ።






© Centre for Multicultural Youth Issues 2006



## ንመንእሰይ ሓገዝ መውሃቢ ፕሮግራማት እንታይ እዮም?

እዚ ፕሮግራም ብዙግዜ ብሕታዊ ንዝኾኑ ጉዳያት ብንብስወከፍ ሓገዝ የቕርብ እዩ። በዚም ፕሮግራማት ጌርካ ንመንሰይን ስድራን ብዝተፈላለዩ ነገራት አብዚ ከምዝስዕብ ሓገዝ ምርኻብ ይኽኣል እዩ:

- ተግባራዊ ዝኾነ ሓገዝ (ንኣብነት፥ ፎርሚታት ምሙላእ፣ ናብ ትምህርቲ መምዝጋብ፣ ቖፀሮ ንምድላው ወይኻዓ ንቤት ትምህርቲ መምሃሪ መጽሓፍቲ ንምርኻብ)
- ንመንእሰያትን ስድራን ብዘተሓሳስቡ ጉዳያት ብዝነብርዎ መማረጺታት መረዳእታ ምሃብ (ንኣብነት፥ ባህላዊ ብዝኾኑ ጉዳያት)
- አሞንገ ስድራ፣ ኣርኽቲ ወይኻዓ ቤት ትምህርቲ ዘሎ ርክቢ ንምጥንኻር ምሕጋዝ (ንኣብነት፥ ኣሞንገ ስድራ ርኽቢታት መምሕያሽ)
- ብዛዕባ ካልኦት ኣገልግሎታት፣ ፕሮግራማት ወይኻዓ ምንቅስቓስ ዘሎ መረዳእታ ብምሃብ ሓገዝ ምርኻብ (ንኣብነት፥ ሕጊ ዝምልከት መረዳእታ፣ ሐኪም ምርኻብ ወይኻዓ ብዛዕባ ማይግሬሽን መረዳእታ ምድላው)
- ንፀገማት መፍትሒ ንምርኻብ ምስዝኾነ ሰብ ምዝርራብ - ሓደ ሓደ ግዜ 'መማኸርቲ' ይብሓል እዩ።

## ናይ መንእሰይ ፕሮግራማትን ኣገልግሎታት ንኩሉ መንእሰያት ይውሃብ'ዶ?

መብዛሕትኡ ግዜ እዚ ፕሮግራምን ኣገልግሎት ፍልይ ንዝበሉ ናይ መንእሰይ ጉጅለታት ይውሃብ እዩ። ንኣብነት፥ እቶም ሓደ ሓደ ከምቲ ዝስዕብ ይኾውን:

- ጥራሕን ንኣዋልዳትን ኣወዳትን ኢ.ያ (ንኣብነት፥ መሕበሲ ንደቂ አንስተዮ ወይኻዓ ንኣወዳት መንእሰይ ናይ እግሪ ኩዕሶ)
- ጉጅለ ፍልይ ንዝበለ ዕድመ (ንኣብነት፥ ዕድሚኡ ካብ 15 ክሳብ 18 ዓመት ወይኻዓ ካብ 18 ክሳብ 21 ዓመት ንዘለው መንእሰያት)
- ኣብ ሓደ ሰፈርን ከባቢን ንዝነብሩ፣ ዝሠርሑ ወይኻዓ ንዝምሃሩ መንእሰያት።
- ፍልይ ዝበለ ባሕላዊን ቋንቋን ዘለዎ ሃገር ንዝመጹ መንእሰያት (ንኣብነት፥ ብዓረብኛ ቋንቋ ዝዛረባ ኣንስተይቲ ኣኼባ ወይኻዓ ናይ ሕብረ ባህላዊ ኣኼባ)
- 'ካብ ክፍሊ ናጻ' እዚ ማለት ካልኦት ዝተወሰነ ገንዘብ ክኸፍሉ ይኾን እምበር ንስኹም ምንም ዓይነት ክፍሊት ኣይትገብሩን ኢኹም።
- ፍሉይ ብዝበሉ ጉዳያት ጥራይ ሓገዝ ይውሃብ (ንኣብነት፥ ምስ ጥዕና ዘሎ ፀገማት ምሕጋዝ)

ዕድሚኦም ካብ 18 ዓመት ንታሕቲ ዝኾኑ መንእሰያት ቅድሚ በቶም ፕሮግራማት ውሽጢ ምስታፎም ንወለዶም ወይኻዓ መጉዚት ፍቓድ ከረኽቡ ኣለዎም።

## ብናይ መንእሰይ ምንቅስቓሳትን ፕሮግራማት ምስታፍ ጥቕሚታት እንታይ እዩ?

ኣብ መንእሰይ ፕሮግራማት፣ ምንቅስቓሳት ወይኻዓ ኣገልግሎታት ብምስታፍ ዝርኸቡ ሓደ ሓደ ጥቕሚታት:

- ምስትምህርቲ፣ ጥዕናን ሥራሕ ብዝተዛመደ ተግባራዊ ዝኾነ ሓገዝ ምርኻብ
- ሓዱሽ ሞያ ንምርኻብ ምምሃር (ንኣብነት፥ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ፣ ስፖርት፣ ቅድሚ ሕዝቢ ዘረባ ምግባር)
- ኣዕርኽቲ ምፍራይ
- ብዛዕባ ካልኦት ኣገልግሎቲ ሓበሬታ ምርካብ (ንኣብነት፥ ናይ ሓለዋ ጥዕና ትምህርቲ ወይኻዓ ሥራሕ)
- ሓገዝ ምርኻብ - መንእሰያት ብባዕሎም እምነት ክሓድሮምን ምስ ስድር ኦም፣ ዓርኽቶምን ማሕበረሰብ ፅቡቕ ረኽቢ ምእንታን ክፈጥሩ ይሕግዞም እዩ።

ዝኾነ ሰብ ብናቱ ማሕበረሰብ ብዝውሃብ ግልጋሎት ንኽጥቀም ሙሉእ ተሳትፎ ንምግባር መሰሉ እዩ። መንእሰያትን ስድርኦም ነዚ ጉዳይ ንምፍጻም ብናይ መንእሰይ ሠራሕተኛን ኣገልግሎት ኣቢሉ ሓገዝ ምርኻብ ይኽእሉ እዮ።

## ደቀይ ኣብ መንእሰይ ምንቅስቓስ ወይኻዓ ፕሮግራም ውሽጢ ተሳትፎ ክገብሩ እንከሎ እንታይ ዓይነት ትጽቢት ክነብረኒ ይኽእል?

ናይ መንእሰይ ኣገልግሎታት፣ ፕሮግራማት ወይኻዓ ምንቅስቓሳት ኩሎም ደሕንነቶም ዝተሓለወ ንምኽኣ ምግማት ይግባእ እዩ። ከምኡ'ውን ካዝኾነ ባሕሊ ይምጻእ ብዘየግድስ ብናይ ንመንእሰያት ዘየጠራጥር ከባቢ ክምዘሎ ምግማት የድልይ እዩ።

### ንምክንኻን ግቡእ ሓላፍነት/ Duty of Care

ከም ካልኦት መምህራን ወይኻዓ ሓኪማት ናይ መንእሰይ ሠራሕተኛታት እውን በቲ ፕሮግራም ወይኻዓ ምንቅስቓስ ተሳትፎ ንዝገበሩ መንእሰያት ግቡእ ምክንኻን ናይምግባር ሓላፍነት ይሕልዎም - እሞ ደሕንነት ዘለዎ ተሳትፎ ክኾውን ቅድሚያ ይውሃቦ እዩ። እዚ'ውን 'ንምክንኻን ግቡእ ሓላፍነት' ተባሂሉ ይጽዋዕ።

### ሚስጢራዊ/Confidentiality

ናይ መንእሰይ ሠራሕተኛታት ነቲ 'ሚስጢር' ብግቡእ ናይ ምሓዝ ሓላፍነት ይነብርዎ እዩ። እዚ ማለት ንመንእሰይ ሠራሕተኛ ዝተውሃበ ዝኾነ ብሕታዊ መረዳእታ ብግሊ ከምዝሕለው እዩ። ናይ መንእሰይ ሠራሕተኛ ብወለዲ ወይኻዓ በቲ መንእሰይ ፍቓድ ከይተውሃቦ ብዛዕባ ብሕታዊ ዝኾነ ጉዳዩ ንካልእ ሰብ ክዛረቡ ኣይኽእሉን እዮም። ይኹን'እምበር ኣብ ሓደጋ እዋን ነቲ ውልቀሰብ ደሕንነት ክብሃል ንዘለዎ መረዳእታ ምክፋል የድልዩ እዩ። 'ሚስጢራዊ ንዝኾነ ምዕቃብ' ወይኻዓ ተገዳስነት፣ እዚ ማለት ሰባት ብዛዕባ ካልእ ሰብ መረዳእታ ከይሓተቱ ንዘለዎም መረዳእታ ንምክፋል ምእንታን ምትእምማን ንኽእሉ ይኾውን።


© Centre for Multicultural Youth Issues 2006

## ሕቶታትን ዘተሓሳስብ ጉዳያት እንተሃልዩኒ እንታይ ምግባር እኽእል?

ብዛዕባ መንእሰይ ሠራሕተኛታት ዝነብሮም ፕሮግራማት ወይኻዓ ኣገልግሎታት መረዳእታ ንዓኹም ንምሃብ ሓላፍነት ኣሎና ከምኡ'ውን ብዛዕባ ዘለኹም ኣታሓሳሳቢ ጉዳያት መግለጺ ናይ ምሃብ ሓላፍነት ኣሎዎም። ውላድኹም ኣብዝሳተፈሉ ናይ መንእሰይ ፕሮግራማት ወይኻዓ ኣገልግሎታት ዝኾነ ሕቶ እንተሓልይኹም ምሕታት ኣገዳሲ እዩ። ኣብኹሉ ባህሊ ዝተዋጽኡ ስድራታት ከምዘርእዩ ሓደ መንእሰይ ካብ ገዛ ክወጽእ እንከሎ ኣብይን ምስመን ከምዝውኣሉ ብምሕሳብ ይሻቐሉ እዮም። ስድራ ውላዱ ሕጉስን ደሕንነቶም ዝተሓለወ ንምዃኑ ምርግጋጽ ዝተለመደ ጉዳይ እዩ።

### ኳኢ/Qi

Qi ናይ 16 ዓመት ጎበዝ ወዲ ኣብገዝኡ ፀገም ዘለዎ ሰብ እዩ። ኩልግዜ ምስ ኣብኡ ይገራጨው ምክንያቱ እውን Qi ቐዳምን ሰንበትን ካብገዛ ክወጽእ ስለዝደልይን ናይባዕሉ ባንክ ኣካውንቲ ገንዘብ ክነብሮ ስለዝደሊ እዩ። በዚ ጉዳይ ኣቡኡ ሕጉስ ኣይነበረን፣ ከምኡ'ውን ምስሕማቕ ልምዲ/ሱስ ዘለዎም ሰባት ክራኸብ ይኽእል እዩ ብዝብል ምጥርጣር ይጭነቕ ስለዝነበረ እዩ።

Qi ኣብ ጥቓ ቤት ትምህርቲ ዘሎ ናይ መንእሰይ ሠራሕተኛ ብምኻድ እሞ ብዝበለፀ ነጻ ዝኾነሉ መንበሪ ገዛ ከምዝደልይ ተዛሪቡ። ናይ መንእሰይ ሠራሕተኛ ኣብገዝኡ ውሽጢ እንታይ ዓይነት ፀገም ከምዝበጽሖ ብምሕታት እሞ ምስ ስድርኡ ዘሎ ረኺቢ ክመሓየሽ ዝኽእለሉ መገዲ ንምእላሽ ንስድርኡ ከዘራርብ ፍቓድ ሓተቶ።

ኣቡኡ ናይ ስልኪ ፅውዒት ካብቲ መንእሰይ ሠራሕተኛ ከበጽሖ እንከሎ እሞ ካብስድራ ወፃኢ ዘሎ ሰብ ምስወዱ ዘሎ ፀገም ስለተፈለጠ ሓፊሩ። ካልኦት ናይ ቻይና ማሕበረሰብ ኣባላት እንተሰሚዖም እንታይ ይብሉ ብምባል ተጨኒቑ። ግናስ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ምስቲ ሠራሕተኛ ክዘራረብን ኣብ ኣኼባ ተረኺቡ ክመያየጠሉ ከምዝደልይ ወሲኑ።

ተርጓማይ ብናይ መንእሰይ ሠራሕተኛ ኣቢሉ ተዳልዩ ብድሕሪኡ'ድማ ኣቦን ውላድን ሓቢሮም በቲ ጉዳይ ክዘራረቡሉ ኣተባብዐ። ኣብ ኣውስትራሊያ ውሽጢ ብዙሕ ስድራታት ፀገም ከምዘጓንፎም በቲ ናይ መንእሰይ ሠራሕተኛ ማብራርሒ ስለዝተውሃበ፣ እሞ ኣሞንጎ ስድራ ዘሎ ፀገማት ክመያየጡሉ ድሉዋት ብምዃኖም ዘሕጉስ እዩ። Qi ኣብ ገዛ ንምንባር ኣቡኡ ብሓይሊ ከግድዶ ከምዘይኽእል እቲ ሠራሕተኛ ኣፍለጠ፣ ግናስ ክልቲኦም ብሓባር ተሓጉሶም ዝነብሩሉ መገዲ ምእላሽ ክደልዩ ከምዘለዎም እዩ።

ኣብ ቁሩባት ኣዋርሕ ስድራን እቲ ሠራሕተኛ እንዳተራኸቡ በቲ ስድራ ፅቡቕ ዝኾኑ ነገራት ተዘራሪቦም ናይ ስምምዕነት ውዕል ይገብሩ። ኣቦ ውላዱ ብዝገብሮ ነገራት ኩሉ ሕጉስ ኣይነበረን፣ ግናስ ውላዱ ምስ ስድራ ንምንባሩ ብዝተገብረ ውዕል መሰረት ውላዱ ፅኑዕ ብምዃኑ ኣቦ ተሓጉሱ። ብድሕሪኡ ምንም ዓይነት ምግርጫው ከምዘይተፈጠረ እዩ።

## ንመንእሰይ ሠራሕተኛ ምርካብ



ናይ ስድራ ኣባል ብመንእሰይ ፕሮግራም ወይኻዓ ምንቕስቓስ ንምኻድ ፍቓድ ከምዝረኸበ ርግፀኛ እንተዘይኮይኖም ንመንእሰይ ሠራሕተኛ ወይኻዓ ፕሮግራም መተሓባበሪ ርኺብካ ምዝርራብ ይኽኣል እዩ። ብዙሕ ግዜ ብዛዕባ እቲ ኣገልግሎት፣ ፕሮግራም ወይኻዓ ምንቕስቓስ ከዘራርብ ሓልፍነት ንዝወሰደ ሠራሕተኛ ስምን ናይ ስልኪ ቑፅሪ ይነብሮ እዩ።

ከምኡ'ውን መስተርጓማይ እንተደሊዩ ክዳልወልኩም ምሕታት ትኽእሉ። መብዛሕትኡ ናይ መንእሰይ ሠራሕተኛታት ናይ ስብሞያ መስተርጓማይ ኣጠቓቕማ ምፍላጥ ይግብኦም እሞ ንስኹም ብዝመረጽኩሞ ቛንቋ ክትዘራረቡ መሰልኩም ክሕለው ይግባእ። ብተወሳኺ ድማ ናይ መንእሰይ ሠራሕተኛታት ኣብ ሥራሕ ቦትኦም ኬድካ ምጉብናይ ከምዝኽኣልን ወይኻዓ ኣብገዛኹምን ዝመርጽኹሞ ቦታ መጺኦም ምጉብናይ ይኽእሉ እዮም።

ክትሓትዎ ትደልዩ ነገራት ውሽጢ ክጠቓለል ዝኽእል:

- ውላደይ በየናይ ምንቕስቓስ ውሽጢ ክሳተፍ ከምዝኽእል?
- ኣብቲ ቦታ መን ከምዝርኸብን መን ከምዝቖፃፀሮም?
- ብዛዕባ ደሕንነቶም ብኸመይ ምፍላጥ እኽእል?
- ውላደይ ንዝደልዮ ነገር ከዳልዉ ይኽእሉ'ዶ - ከም ናይ መጸለይ ቦታ ወይኻአ ፍሉይ መግቢ?
- ናብ ምንቕስቓስ ዝግበርሉ ቦታን ገዝኦም ከመይ ጌሮም ምኻድን ምምፃእ ይኽእሉ?

## መደምደምታ

ኣብ ኣውስትራሊያ ውሽጢ ስለዘሎ ናይ መንእሰይ ሠራሕተኛታትን ኣገልግሎት ናይ ሥራሕ ብጽሕትን ጥቕሚ ብዝበለፀ ንምፍላጥ እዚ መረዳእታ ከምዝሕግዝ ተስፋ ንገብር። ናብ ኣውስትራሊያ ዝተሰደደ ዝኾነ ሰብ ንቕድሚት ኣወንታዊን ሓጓስ ዘለዎ ናብራን ሕይወትን ክምሥርት መሰሉ እዩ፤ ከምኡ'ውን ክግበር ንዘለዎ ነገራት ከካፍል ዕድል ይውሃቦ እዩ። ስድራ ነዚ ንምግባር ብናይመንእሰይ ሠራሕተኛታትን ኣገልግሎት ኣቢሉ ሓገዝ ምርኻብ ይኽእሉ እዮም።

በዚ ጥራዝ ወረቐቲ ውሽጢ ዘሎ ዝኾነ ነገራት ብዝበለፀ መረዳእታ እንተደሊኹም ወይኻዓ ሓደ ሓደ መረዳእታ ግልፂ እንተዘይኮይኑ በዚ ዝስዕብ ምዝርራብ ትኽእሉ:

- ብከባቢኹም ንዘሎ ቤት ምኽሪ ወይኻዓ ምምሕዳር ንዝርኸቡ ናይ መንእሰይ ሠራሕተኛ ወይኻዓ ናይ መንእሰይ ኣገልግሎት
  www.youthcentral.vic.gov.au
- ብሕብረ ባሕላዊ ናይ ናይ መንእሰይ ጉዳያት ማእከል/
  Centre for Multicultural Youth Issues
  www.cmyi.net.au
- ABCD ወላዲ ጎጉርዞ/ኮተቴ
  Parenting Young Adolescents
  www.abcdparenting.org.au
- ኣብ ኣውስትራሊያ ናይ ስድራ ኣገልግሎት/
  Familiy Services Australia
  www.fsa.org.au


© Centre for Multicultural Youth Issues 2006